# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
# የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

## ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
## የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 24 ዓመት ቑ.4 መቐለ 286/2009 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

24ኛ ዓመት ቁ.4 መቐለ 286/2009 ዓ/ም


**ቁፅሪ ኣዋጅ 286/2009 ዓ.ም**

**ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንሓረስቶት ዝከፋፈል ንእታዎታትን ፍርያት ሕርሻን መግዝኢ ዝውዕል ልቓሕ ውሕስና ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ**

ብብርኪ ክልል ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅን ድኽነት ንምንካይን ምጥቃም እታዎታት ንምስሳን ምህርቲ ሕርሻ ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ስለ ዝተኣመነሉ፣

ንምጥንኻር ስራሕቲ መስኖ ልምዓትን ዕድያን ምጥቃም እታወት ሕርሻ ኣድላይ ብምዃኑ፣

ሕድሕድ ውልቀ ሓረስታይ ዝድለ እታዎት ሕርሻ ገዚኡ ንምጥቃም ዓቕሙ ትሑት ብምዃኑ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዓቕሚ ምቕራብ ልቓሕ ብምጥንኻር ዘበናዊ ድኹዒ ገዚአን ንሓረስታይ ከከፋፍላን ፍርያት ሕርሻ ካብ ሓረስታይ እናዓደጋ ናብ ዕዳጋ ከቕርባን ምድጋፍ ዝለዓለ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎ ብምዃኑ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ብዝተውሃቦ ስልጣን ዝስዕብ ኣዊጁ ኣሎ።

**ኣዋጅ ቁጥር 286/2009 ዓ.ም**

**በህብረት ስራ ማህበራት ለገበሬዎች የሚከፋፈል ግብኣቶችና የግብርና ምርት መግዣ የሚውል ብድር ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ**

በክልል ደረጃ የምግብ ዋስትና ለማረጋገጥና ድህነት ለመቀነስ ግብአቶችን መጠቀም የእርሻ ምርት ለመሳደግ ወሳኝ ሚና እንዳለው ስለታመነበት፣

የመስኖ ልማትና የፀደይ ስራዎች ለማጠናከር የእርሻ ግብኣቶች መጠቀም ኣስፈላጊ በመሆኑ፣

እያንዳንዱ አርሶ-አደር አስፈላጊውን የእርሻ ግብአቶች ገዝቶ ለመጠቀም አቅሙ ዝቅጠኛ በመሆኑ የህብረት ስራ ማህበራት ብድር የማቅረብ አቅማቸዉ በማጠናከር ዘመናዊ ማዳበርያ ገዝተው ለአርሶ አደሩ እንድያከፋፉሉና የግብርና ምርቶችን ከኣርሶ አደሩ እየገዙ ለገበያ እንዲያቀርቡ መደገፍ የላቀ ኢኮኖምያዊ ጠቀሜታ ያለዉ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን አውጇል ።

**ዓንቀፅ 1.**<u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ "ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንሓረስቶት ዝውሃብ ልቓሕ ውሕስና ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2.** <u>ውሕስና ዝተውሃቦ መጠን ልቓሕ</u>

"ተለቃሕቲ" እናተብሃሉ ዝፅውዑ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንዘበነ ምህርቲ 2009/2010 ዓ.ም ግልጋሎት ዝውዕል፦

ሀ.ንዘበናዊ ድኹዒ መዐደጊ ዝውዕል ብር 884,529,000.00 (ሸሞንተ ሚኢትን ሰማንያን ኣርባዕተን ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚኢቲን ዒስራን ትሽዓተን ሽሕ ብርን)፣

ለ.ንፍርያት ሕርሻ መግዝኢ ዝዉዕል 300,000,000(ሰለስተ ሚኢቲ ሚልዮን ብር)፤

**ድምር** 1,184,529,000.00 (ሓደ ቢልዮን ሓደ ሚኢትን ሰማንያን ኣርባዕተን ሚልዮን ሓሙሽተ ሚኢትን ዒስራን ትሽዓተን ሽሕ ብር) ካብ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ንክልቅሑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ውሕስና ሂቡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 3.**<u>ኣፈፃፅማ ልቓሕ</u>

1.ልቓሕ ዝውሃብ ተለቃሓይ፣ ንግዲ ባንኪ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ውዕል ካብ ዝኣሰሩሉ ዕለት ጀሚሩ ይኸውን፤

2.እቲ ልቓሕ ዝምለስ፦

ሀ. ንዘበናዊ ድኹዒ መዐደጊ ዝፍቀድ ልቓሕ እቲ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝምለስ ኾይኑ መጠን ወለድን ኣግባብ ኣመላልሳን ብመሰረት ተለቃሓይ፣ መለቃሓይ

**አንቀጽ 1.** <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "በህብረት ስራ ማህበራት ለኣርሶ-ኣደሮች የሚሰጥ ብድር ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ " ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀጽ 2.** <u>ዋስትና የተሰጠበት የብድር መጠን</u>

"ተበዳሪ" እየተባሉ የሚጠሩ የህብረት ስራ ማህበራት ለ2009/2010 ዓ.ም የምርት ዘመን አገልግሎት የሚውል፦

ሀ.ለዘመናዊ ማዳበርያ መግዣ የሚዉል 884,529,000 ( ስምንት መቶ ሰማንያ ኣራት ሚልዮን ኣምስት መቶ ሀያ ዘጠኝ ሺ ብር) እና፣

ለ.ለእርሻ ምርት መግዣ የሚዉል 300,000,000.00/ ሶስት መቶ ሚሊዮን ብር/

ድምር ብር 1,184,529,000.00 / ኣንድ ቢልየን ኣንድ መቶ ሰማንያ ኣራት ሚልዮን ኣምስት መቶ ሀያ ዘጠኝ ሺ ብር/ ከኢትዮጵያ ንግድ ባንክ እንዲበደሩ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና ሰጥተዋል።

**አንቀጽ 3.**<u>የብድሩ አፈፃፀም</u>

1. ብድሩ የሚሰጠው ተበዳሪው፣ የኢትዮጵያ ንግድ ባንክና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ውል ከፈፀሙበት ግዜ ጀምሮ ይሆናል ፤
2. ብድሩ የሚመለሰው ፦

ሀ. ለዘመናዊ መደበርያ መግዣ የተፈቀደዉ ብድር ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀምሮ በአንድ ዓመት ውስጥ የሚመለስ ሆኖ የወለድ መጠንና የአመላለስ አገባብ ተበዳሪ፣ አበዳሪው

ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዝገብርዎ ስምምዕነት ይፍፀም ።

ለ. ንመዐደጊ ፍርያት ሕርሻ ዝፍቀድ ልቓሕ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ዝምለስ ኾይኑ መጠን ወለድን ኣግባብ ኣመላልሳን ብመሰረት ተለቃሓይ፣ መለቃሓይ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ብዝገብርዎ ስምምዕነት ይፍፀም ።

3.ቤት ፅሕፈት ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ወረዳን ዋና ኣማሓዳሪ ገፀር ወረዳን ኣብ ወረድኦም ንዝፍፀም ልቓሕ ብመሰረት ዝፍቀደሎም መጠን ገንዘብ ብእዋኑ ኣብ ወረድኦም ምስ ዝርከባ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዉዕሊ ዉሕስና ይፈራረሙ ፣ልቃሕ ይህቡ ፣ ክምለስ ይገብሩ።

4.ቢሮ ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን መሓውሩን ብመንግስቲ ውሕስና ንዝተውሃበ ልቓሕ ከይተመለሰ እንትተርፍ ተደራዲሩ ወይ ከሲሱ ከመልስ ስልጣን ኣለዎ።

ዓንቀፅ 4. <u>ግቡእ ተለቃሓይ</u>

ተለቃሓይ ብውሕስና ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወስዶ ልቓሕ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዓንቀፅ 3 እዚ ኣዋጅ ኣብ ውሽጢ ዝተጠቀሰ ግዜ ምስ ሕጋዊ ወለዱ ክምልስ ግቡእ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 5 . <u>ግቡእ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ</u>

1. ተለቃሓይ ዝተለቀሖ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ብእዋኑ እንተዘይከፊሉ ካብ በጀት

የኢትዮጵያ ንግድ ባንክና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በሚያደርጉት ስምምነት መሰረት ይፈፀማል።

ለ. ለግብርና ምርት መግዣ የተፈቀደዉ ብድር ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀሚሮ በሁለት ዓመት ውስጥ የሚመለስ ሆኖ የወለድ መጠንና የአመላለስ አገባብ ተበዳሪ፣አበዳሪው የኢትዮጵያ ንግድ ባንክና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በሚያደርጉት ስምምነት መሰረት ይፈፀማል።

3. የወረዳ ግብርናና ገጠር ልማት ፅህፈት ቤትና የገጠር ወረዳ ዋና አስተዳደሪ በወረዳው ለሚፈፀም ብድር በወቅቱ በተፈቀደለት የብድር መጠን መሰረት ከወረዳዉ ህብረት ስራ ማህበራት የዋስትና ዉል ይፈራረማሉ፣ብድር ይሰጣሉ ፣እንዲመለስ ያደርጋሉ።

4. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፍትሕ ቢሮ እና መዋቅሩ በመንግስት ዋስትና የተሰጠን ብድር ካልተመለሰ ተደራድሮ ወይም ከስሶ የማስመለስ ስልጣን አለው።

አንቀጽ 4. <u>የተበዳሪው ግዴታ</u>

ተበዳሪው በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና የወሰደውን ብድር ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀምሮ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 3 ንኡስ ዓንቀፅ 2 በተጠቀሰዉ ግዜ ውስጥ ከነ ሕጋዊ ወለዱ የመመለስ ግዴታ አለበት ።

አንቀጽ 5. <u>የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ግዴታ</u>

1. ተበዳሪው የተበደረውን ገንዘብ በሙሉ ወይም

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተነክዩ እቲ ገንዘብ ምስ ወለዱ ዝኸፈል ይኸውን።

2. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዘይተመለሰ ልቓሕ ካብ ተለቃሓይ ብምእካብ ወይ ሕጋዊ ብዝኾነ ኣግባብ ብምምላስ ንዝተነከዮ በጀት ምስ ወለዱ ክትክእ ኣለዎ ።
3. ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንመንግስቲ እዚ ክልል ወኪሉ ልቓሕ ኣብ ምሃብ ይኹን ብእዋኑ ኣብ ምምላስ ሓላፍነት ወሲዱ ይከታተል።
4. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ልቕሐን ኣብ ምምላስን ዝተኣከበ ገንዘብ ብእዋኑ ኣታዊ ኣብ ምግባርን ሓላፍነት ኣለወን።
5. ቢሮ ትልምን ፋይናንስን እዚ ክልል ካብቲ ብእዋኑ ልቓሕ ዘይመለሰ ወረዳ ነቲ ልቃሕ ዝትክእ በጀት ይቖርፅ።

ዓንቀፅ 6. ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ

እዚ ኣዋጅ ካብ ዕለት 26/03/2009 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን ።

ኣባይ ወልዱ

ፕሬዚዳንት

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

መቐለ

በከፊል በጊዜው ካልከፈለ ገንዘቡ ከትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በጀት ተቀንሶ ከነ ወለዱ የሚከፈል ይሆናል።

2. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ያልተመለሰው ብድር ከተበደረው በመሰብሰብ ወይም ህጋዊ በሆነ አገባብ በማስመለስ ለተቀነሰው በጀት ከነ ወለዱ መተካት አለበት።
3. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ የዚህ ክልል መንግስት በመወከል ብድር በመስጠትና በመመለስ ሃላፊነት ወስዶ ይከታተላል።
4. ህብረት ስራ ማህበራት ብድራቸዉን በመመለስና የተሰበሰበው ገንዘብ በጊዜው ገቢ የማድረግ ሃላፊነት አለባቸው።
5. የዚህ ክልል ዕቅድና ፋይናንስ ቢሮ በግዜው ብድር ካልመለሰው ወረዳ ከሚመደብ በጀት ብድሩን ሊተካ የሚችል በጀት ይቆርጣል።

አንቀጽ 6. የአዋጁ ተፈፃሚነት

ይህ አዋጅ ከ26/03/2009 ዓ.ም ጀምሮ ተፈጻሚ ይሆናል ።

አባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ፕሬዚዳንት

መቐለ